# ብዛዕባ ናይ ኤስ ቢ ኤስ መምርሒ ስራሕ (SBS ኮድ ኦፍ ፕራክቲስ)



SBS ከምቲ ኣብ **ቻርተርና** ሰፊሩ ዘሎ ነጻ ዝኾነ ሃገራዊ ናይ ህዝቢ ተለቪዥን ፡ ሬድዮን ዲጂታልን ናይ ሚድያ ኣገልግሎት እዩ ። ንሕና ብናይ ኣውስትራሊያ መንግስቲ ከምኡ'ውን ከም ብናይ ንግዲ መወዓውዒ ዝበሉ ዝርከብ ኢና ንምወል ።

ኣብ ኵሉ መርበባትና ፡ ፍሉይ ናይ ኣውስትራልያ ዛንታታት ፡ ከባብያውን ኣህጉራውን ዜናታትን እዋናዊ ጉዳያትን ፡ ስፖርት ፡ ኣህጉራዊ ድራማታትን ሰነዳትን ፡ መግቢ ፡ ፊልም ፡ ከምኡ'ውን ናይ ከባቢ ሬድዮ ኣገልግሎታት ብልዕሊ 60 ቋንቋታት ነመሓላልፍ። ብዘይካ'ዚ ፡ ናይ ቀዳሞት ህዝቢታት ዛንታታት ብመገዲ ሃገራዊ ናይ ደቀባት ተለቪዥን (NITV) ብዓይኒ ደቀባት ዝጥመቱ መደባት ነቕርብ።

ትሕዝቶና ምስ ማሕበረሰባዊ ትጽቢታት ዝሰማማዕ ንክኸውን ፡ ናይ ኤስ ቢ ኤስ መምርሒ ስራሕ (SBS ኮድ ኦፍ ፕራክቲስ) ኣለና። ናይ SBS ትሕዝቶታት ብዝኾነ ይኹን መገዲ ፡ ማለት ኣብ ተለቪዥን ፡ ኣብ ሬድዮ ፡ ኣብ ኢንተርነት ፡ ወይ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ብዙሃን ንኣጠቓቕማ ዝምልከት ሕግታትን ስርዓታትን ኣውጺኡ ኣሎ።

## እዚ መምርሒ ስራሕ ኣገደስቲ ነገራት ዘጠቓልል እዩ። ከም:

## እምነት

### እሙንን ኣገዳስን ትሕዝቶታት ብኸመይ ተቕርብ

- ብዛዕባ ትሕዝቶና ናይ ገዛእ-ርእስና ብነጻነት ውሳነታት ንገብር ኢና።
- ዜናታትና ህሉው ኵነታትን ቅኑዕ: ሚዛናውን ኣድልዎ ዘይብሉን: ከምኡ'ውን ንህዝቢ ዘገድስን እዩ ።
- ሰፊሕ ናይ ኣመለኻኽታ ዘለዎ ኣረኣእያታትን ኣጠማምታን ነኣንግድ - ትሕዝቶና ፈጠራውን በዳህን ከምኡ'ውን ኣካታዕን ኣቑጣዕን ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ግሉጽነት

### ኣብ ናይ ትሕዝቶ ምርጫታትኩም ብኸመይ ከም እንሕግዝ

- ንዓኹም ቅኑዕ ዝኾነ ትሕዝቶ ፡ ከምኡ'ውን ንተዕብይዎም ህጻናትን መንእሰያትን ዝኸውን ሓበሬታ ንምምራጽ ዝጥዕም ሓበሬታ ንህብ ።
- ምውዕዋዕ ካብ ትሕዝቶና ፍልይ ዝበለ ምዃኑ ነረጋግጽ ፤ ንገለ ዓይነታት መወዓውዒ ቦታ ንምሃብ ዝምልከት ሕግታት ነውጽእ።
- ዘጨንቕ ትሕዝቶ እንተኣልዩና: ንሰማዕትና ኣብ ግምት ነእቱ: ተኣፋፍነት ነዘውትር: ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን መጠንቀቕታ ንህብ: ምስ መምርሒታት ነቕርቦ ዝቃዶ ትሕዝቶ ጥራይ ነቕርብ።

## ኣኽብሮት


### ብኸመይ ከም እንሰርሕን ኣኽብሮት ከም'ነተባብዕን

- ኣድልዎን ቅድመ ፍርዲ ዘተባብዑ ትሕዝቶታት ኣይነቕርብን። ኣድልዎታት ከም ዘይተረጋገጸ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ፡ ንዓውደ ትሕዝቶ ኣብ ግምት ዘእቱ የጠቓልል ።
- ካብ እንግሊዝኛ ወጻኢ ብቛንቛታት ትሕዝቶታት ነቕርብ ፡ እተፈላለየ ኣራእያታት ክንጸባረቕ ነተባብዕ ።
- ብዛዕባ ደቀባት ዝምልከት ትሕዝቶ ክቐርብ'ከሎ ኣዚና ንጥንቀቕ ንባህላዊ ፕሮቶኮላት ናይ ኣቦርጂናልን ቶረስ ስትረት ኣይስላንደር ህዝብታት ነኽብር።
- ናይ ሰባት ብሕታዊነት ነኽብር ኢና: በዚ ድማ ነቲ ነቕርቦ ጸብጻብ ሚዛናዊ መገዲ ክኸውን ሓላፍነት ንወስድ ።

## ተሓታትነት

### ብኸመይ ኢና ተሓተቲ ንኸውን

- ብዛዕባ ትሕዝቶናን ኣገልግሎትናን ፡ ናእዳ ይኹን ነቐፌታ ፡ ግብረ-መልሲ ክትህብሉ እትኽእሉ መገድታት ንሕብር።
- ኣብ ትሕቲ መምርሒ ስራሕ ንዝቐርቡ ጥርዓናት ነጻ ዝኾነ መስርሕ ኣለና ፡ እቲ ዝቐርብ ጥርዓናት ብመገዲ ናይ SBS ሰማዒ ጥርዓን እዩ ዝምርመር።




SBS

ዝያዳ ሓበሬታ ርኸብ
sbs.com.au/aboutus/sbs-code-of-practice